Public Health
Seattle & King County

# ተኣታታውነት ኣብ ሽርክነት ናይ ክታበት ቦታታት ክታበት ኪንግ ካውንቲ

ኣብ ማርች (March) 25, 2021 ዝተመሓየሸ

ንዚያዳ ሓብሬታታት ናይ እዘን ቦታታትን ክታበትን፡ ቆጸራ ኣወሳስዳን፡ ንመርበብ ሓበሬታ [ኣብ ኪንግ ካውንቲ ክታበት ምርካብ - King kingcounty.gov/vaccine-](https://kingcounty.gov/vaccine)ተወከሱ፡ ወይ ድማ ንናይ ዋሺንግተን ስቴት ናይ COVID-19 መርከቢ ሓገዝ ህጹጽ መስመር፡ ካብ ሰኑይ፡ ሰዓት 6 ቅ:ቐ- 10 ድ:ቐ፡ ሰሉስ- ሰንበት፡ ካብ ሰዓት 6ቅ:ቐ ክሳብ 6 ድ:ቐ:ኣብ ቁጽሪ 1-800-525-0127 ወይ 1-888-856-5816 ደዊልኩም (ድሓር ድማ # ጠውቑ)። ንሓገዝ ትርጉም ቋንቋ ደዊልኩም ምስተራኸብኩም እቲ ትደልይዎ ቋንቋ ንገሩ።

## ክታበት ቦታ ኣበርን

- ኣካለ ስንኩላን ብሕጊ መሰል ኣካለ ስንኩላን (ADA) ኣገልግሎት ክረኽቡ ይኽእሉ።
- ምዝራብን ምስማዕን ንዘይክሉ ምልክት ቋንቋ ኣሜሪካ (ASL)ን፡ ናይ ቋንቋታት ተርጎምቲ ኣገልግሎት ኣብቲ ናይ ክታበት ቦታ ኣሎ።።
- እንድሕሪ ፍሉይ ናይ ምልክት ቋንቋ ትርጉም ንዘይርእዩን ዘይሰምዑን (tactile interpretation) ኣድሊዩ፡ንናይ ሲያትል ማእከል ኣገልድሎት ዓይነ-ስውራንን ጸማማትን (Seattle Deaf/Blind Service Center) ኣብ [http://seattledbsc.org](http://seattledbsc.org) (ተውከሱ። ድሕሪ ገጽ ብእንግሊዝኛ ጥራይ ኢዩ ዘሎ።)

## ክታበት ቦታ ኬንት

- ኣካለ ስንኩላን ብሕጊ መሰል ኣካለ ስንኩላን (ADA) ኣገልግሎት ክረኽቡ ይኽእሉ፡ ከምኡ ውን ዊል ቼር ኣሎ።
- ምዝራብን ምስማዕን ንዘይክሉ ናይ ምልክት ቋንቋ ኣሜሪካ (ASL)ን፡ ናይ ቋንቋታት ተርጎምቲ ኣገልግሎት'ኣሎ ኣብቲ ናይ ክታበት ቦታ ኣሎ።።
- እንድሕሪ ፍሉይ ናይ ምልክት ቋንቋ ንዘይርእዩን ዘይሰምዑን (tactile interpretation) ኣድሊዩ፡ንናይ ሲያትል ማእከል ዓይነስውራንን ጸማማትን (Seattle Deaf/Blind Service Center) ኣብ [http://seattledbsc.org](http://seattledbsc.org) ( ተውከሱ። ድሕሪ ገጽ ብእንግሊዝኛ ጥራይ ኢዩ ዘሎ።)

## ክታበት ቦታ ሬንተን

- ኩሎም ናይ ክታበት ክሊኒካት ናይ መሰል ኣካለ ስንኩላን (ADA) ዝተኣታተዎምን፡ ኣቕርቦት ዊል ቼር ዘለዎምን ኢዮም።
- ኣብኡ ምስበጽሕኩም ንናይ ምልክት ቋንቋ ኣገልግሎትን ናይ ቃላት ትርጉም ኣገልግሎትን ብቪድዮ (VRI) ክቕርበልኩም ኢዩ።
- እንድሕሪ ፍሉይ ናይ ምልክት ቋንቋ ትርጉም ንዘይርእዩን ዘይሰምዑን (tactile interpretation) ኣድሊዩ፡ንናይ ሲያትል ማእከል ኣገልግሎት ዓይነ-ስውራንን ጸማማትን (Seattle Deaf/Blind Service Center) ኣብ [http://seattledbsc.org](http://seattledbsc.org) (ተውከሱ። ድሕሪ ገጽ ብእንግሊዝኛ ጥራይ ኢዩ ዘሎ።)

## ክታበት ቦታ ሬድመንድ

- ኣብ ናይ ሬድመንድ ክታበት ቦታ ንቖጸራ ምስደወልኩም፡ ናይ ቋንቋ ኣገልግሎት ክትጠልቡ ትኽእሉ ኢኹም።
- እቲ ናይ ክታበት ቦታ ሕጊ መሰል ኣካለ ስንኩላን (ADA) ዘማልእ ኮይኑ፡ ንኽሕግዙኩም፡ ብቕዓት ዘለዎም ኣባላት ሕክምና ኣለዉ። ዊል ቼር ምስ ኣትሓቱ ቅሩብ ኢዩ።
- ኣንድሕሪ ናይ ትሕቲ መሬት ፓርኪንግ ተጠቂምኩም፡ ሓ ጺር ርሕቐት ብእግርኹም ናብ ኤሊቬተር ክትጓዓዙ ኣለኩም፡ ወይ ድማ ኣብ ዋና መእተዊ ክብጽሑኹም ሕተቱ።
- ኣብኡ ምስ በጻሕኩም፡ ብቴለፎንን ብኦንላይን ናይ ሕክምና ትርጉም ኣገልግሎት ብልዕሊ 200 ቋንቋታት ኣለዉ፡ ከምኡ'ውን ስፓኒሽን፡ ማንደሪንን፡ሂንዲን፡ናይ ምዝራብን ምስማዕን ንዘይክእሉ ምልክት ቋንቋ ኣሜሪካ (ASL) ናይ ሕክምና ትርጉም ኣገልግሎት ኣሎ።
- ዝተሓተሙን ዝተጽሓፉን ኣድላይቲ ነገራት፡ ብብዙሓት ቋንቋታት ኣለዉ።
- እንድሕሪ ፍሉይ ናይ ምልክት ቋንቋ ትርጉም ንዘይርእዩን ዘይሰምዑን (tactile interpretation) ኣድሊዩ፡ንናይ ሲያትል ማእከል ዓይነ-ስውራንን ጸማማትን (Seattle Deaf/Blind Service Center) ኣብ [http://seattledbsc.org](http://seattledbsc.org) (ተውከሱ። ድሕሪ ገጽ ብእንግሊዝኛ ጥራይ ኢዩ ዘሎ።)

## ክታበት ቦታ ሬንየር ቢችን፡ ዌስት ሲያትልን

- ኣብ ክልቲኡ ናይ ክታበት ቦታታት ምስበጻሕኩም፡ ናብቲ ሽፉን ናይ ክታበት ቦታ ዝወስድ፡ንመሰል ኣካለ ስንኩላን (ADA)፡ ዝተሰርሐ መውረዲን መደየቢን ኣሎ።
- ካብ ማኪናኹም ክትወርዱ እንተዘይክኢልኩም፡ ኻብ ማኪና ከይወረድኩም፡ ኣባል ሕክምና መዝጊቡ ኽታበት ክህበኩም ይኽእል ኢዩ፡
- ኩሎም ናይ ክታበት ቦታታት፡ ናይ ቋንቋ መስመርን (Language Line)፡ ናይ ቋንቋ ትርጉምን (language interpretation) ናይ ምልክት ቋንቋ ኣሜሪካን (ASL)፡ ናይ ቪድዮ ኣገልግሎት ትርጉም ኣለዎም።

- እንድሕሪ ፍሉይ ናይ ምልከት ቋንቋ ትርጉም ንዘይርእዩን ዘይሰምዑን (tactile interpretation) ኣድሊዩ፡ንናይ ሲያትል ማእከል ዓይነ-ስውራንን ጸማማትን (Seattle Deaf/Blind Service Center) ኣብ [http://seattledbsc.org](http://seattledbsc.org) (ተውከሱ። ድሕሪ ገጽ ብእንግሊዝኛ ጥራይ ኢዩ ዘሎ።)

## ክታበት ቦታ ሉመን ፊልድዝ፡ ሲያትል

- ኩሉ መእተዊታት ሉመን ፊልድ፡ ንመሰል ኣካለ ስንኩላን (ADA) ኣቕርቦት ኣለዎ።
- ብማኪና እንተመጺእኩም ኣቲ ዋና ምቹእ ንኣካለ ስንኩላን (ADA) ዝኮነ መእተዊ፡ ብወገን ሉመን ፊልድ ኢቬንት ሰንተር ዘሎ ፓርኪንግ ኣብ 330 S Royal Brougham Way ኢዩ።
- ኣብቲ ቦታ ምስኣተኹም ናይ ምንቅስቓስ ሓገዝ ቅሩብ ኢዩ፡ ብኽብረትኩም ‘Line A’ ብዝብል ምልክት እተዉ፡ ሓገዝ ድማ ክግበረልኩም ኢዩ።
- ናይ ቋንቋ ትርጉም ኣገልግሎት ብልዕሊ 200 ቋንቋታት ኣለዉ፡ ብኽብረትኩም ‘Line B’ ብዝብል ምልክት እተዉ’ሞ፡ ናይ ቋንቋ ሓገዝ ክቐረበልኩምዩ።
- እንድሕሪ ፍሉይ ናይ ምልከት ቋንቋ ትርጉም ንዘይርእዩን ዘይሰምዑን (tactile interpretation) ኣድሊዩ፡ንናይ ሲያትል ማእከል ዓይነ-ስውራንን ጸማማትን (Seattle Deaf/Blind Service Center) ኣብ [http://seattledbsc.org](http://seattledbsc.org) (ተውከሱ። ድሕሪ ገጽ ብእንግሊዝኛ ጥራይ ኢዩ ዘሎ።)